

# መጽሓፍ
# ጸሎት

ዕለታዊት መጽሓፍ ጸሎት

# መጽሓፍ ጸሎት

ካብታ ብጆሰፍ ኢንግበርግ

ዝተዳለወት መጽሓፍ ጸሉት

ካብ እንግሊዝኛ

ናብ ትግርኛ

ብ ካርካይ ገብረእግዚአብሄር

ኣተተርጎመት

ስቶኮልም 1987 (፲፱፻፹፯)

© Rune Imberg 2021
Only to be reprinted / copied after permission through
*Evangelisk Litteraturmission - Scriptura, Sweden*

# መቕድም

እዛ ንእሽቶ ዕስታዊት መጽሓፍ ጸሎት ካብታ ብጀበፍ ኢንበርገ ዘተዓለወት /

ካብ እንግሊዝኛ ናብ ትግርኛ እተተርጎመት እያ።

እዛ መጽሓፍ ጸሎት፡ ንብዙሓት ዓበይትን፡ንኣሽቓን፡ ኤርትራውያን፡ከምኡ'ወን ቋንቋ ትግርኛ ንዘዛረብ ኩሉ ዓቢ መንፈሳዊ በረኸት ከትህብ ትኽእል እያ ኢሎም ካብ እንግሊዝኛ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ከትርጉማ ንዝሓተቱኒ
ቀሺ ራግናር ብሎከን
ሶቲግ ካንደርሶን
ቀሺ ካንደሽ ኦጆሃንሶን
ስለ ህልውና ህዝቢ ኤርትራ ብምሕሳቦም፡ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ኣይፈቕን።

ከምኡ'ውን ኢያሱ ተስፋይ ዕስታዊ ሓገዙ ስለ ዘወፈየለይ፡ ቀሺ ኣዝራ ገብረመድህንን፡መምህር ሙሴ ኣሮን ን፡ዩማ፡ነቲ ትርጉም ምስ ኣንግሊዝኛኡ ፡ኣነጻጺሮም ኣሪሞም ትርጉሙ ኩነ መንፈሳዊ ትሕዝትኡ ገምጊሞም፡ስለ ዘረጋገጹለይ፡ጠቓሚ ምዕዶኦም ስለ ዝወፈዩለይ ብዙሕ የመስግኖም።

ኣርኣያ ገብረ እግዚኣብሄር

# መጽሐፍ ጸሎት

## ጸሎት ኣቦና

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ
መንግስትኻ ትምጻእ፡፡ ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ
ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን፡፡ ናይ ዕለት እን
ጌራና ሎሚ ሃበና፡፡ንሕና ንዘበደሉና ከም ዝሓደ
ግናሎም በደልና ሕደገልና፡፡ ካብ ክፉእ ኣድሕነ
ና እምበር ናብ ፈተና ኣይተእትወና፡፡ መንግስት
ን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡
ኣሜን፡፡

## ቡ ራ ኬ

እግዚኣብሄር ይባርኸና ይሓልወና፡እግዚኣብሄር ገጹ የብርሃልና ጸጋኡ ድማ ይሃብና፡ እግዚኣብሄር ገጹ ይምለሰልና፡ ሰላሙ ድማ ይሃብና ፡ ብስም ኣቦን ወዱን መንፈስ ቅዱስን፡ ኣሜን ፡፡

## ቡ ራ ኬ ሃ ዋ ር ያ ት

ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን፡ ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩልኻትኩም ይኹን፡ ኣሜን፡፡

# ናይ ንጉሆ ጸሎት

ሰማያዊ ኣቦይ በዛ ዝሓለፈት ለይቲ ካብ ኩሉ ድንገትን ጉድኣትን ስለ ዝሓሎኻኒ፡ በቲ ፍቕር ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ኣመስግነካ ኣሎኹ፡፡ መታን ብቓል ኮነ፡ ብግብሪ፡ ንምስጋናኻ ዘኽውን ተግባር ክገብር፡ በዛ መዓልቲ ኣዚኻ ካብ ኩሉ ገብሪ ሓጢኣትን፡ ክፍኣትን፡ ክትሕልወኒ ኣልምነካ ኣሎኹ፡፡ ስጋይን፡ ነፍሰይን፡ ኩሉ ንብረተይን ኣብ ኢድካ ኣማዕቅብ ኣሎኹ፡፡ መታን ገበርቲ ኣከይ ክየሰንፋኒ መላእኽትኻ ልኢኽካ ሓልወኒ፡ ኣሜን፡፡

# ናይ ምሸት ጸሎት

ሰማያዊ ኣቦይ ብስም ኣቲ ፍቁር ወድኻ
የሱስ ክርስቶስ ኣመስግነካ ኣሎኹ፡፡ በዛ ዝሓ
ለፈት መዓልቲ ብጸጋኻ ካብ ኲሉ ዝጉድኣኒ ነገ
ራት ስለ ዝሓሎኻኒ ኣመስግነካ ኣሎኹ፡፡ብምሕረ
ትካ ኲሉ ሓጢኣተይን ዘገበርክዎ ጌጋን ይቕረ
ክትብለለይ፡ በዛ ለይቲ ኣዚኣ ድማ ካብ ኲሉ
ድንገትን፡ ጉድኣትን፡ ክትሕልወኒ፡ ኣብ ትሕቲ
ዓብዩ ምሕረትካ ኣምዕቑብ ኣሎኹ፡፡ ስጋይን፡
ነፍስይን፡ ኲሉ ንብረተይን ኣብ ኢድካ ኣማዕቆ
ብ፡፡ ገበርቲ ኣከይ ከየስንፉኒ መላእኽትኻ
ልኣኽለይ፡ ኣሜን፡፡

ሰ ን በ ት   ን ጉ ሆ

ዚ ጸ ለ   ጸ ሎ ት

ሰማያዊ ኣቦ፡ ንዓ ሎሚ ብጸሒና ኣሎ፡ንል ብና ሰማያዊ በረኸት ምልኣዩ፡፡ ንነፍሲ ወከፍ ና፡ ኣነ ኣየ መዳሕኸ ኢልካ ገለጸልና፡፡ንሕ ና ከም እንሰምዓካ ጌርካ ተዛረብ፡፡ያ ጐይታ ኩለንትናና ንስኻ ከም ዝኾንካ ተገለጸልና፡፡ ነቶም ሎሚ መዓልቲ ኣብ ቅዱስ መቕደስካ ዝሀብ ኩ ሰበኸትን፡ዚጸልዩ ማሕበርን፡ሐግዝ፡፡ መታን ተቕቢሎም ኬገልግሉኻ፡ ልቢ ሰማዕቲ ክፈት፡፡ ሰማያዊ ኣቦ፡ ስምዓና፡ብስም ኣቲ ኣተፍቅሮ ሐደ ወዲኻ የሱስ ክርስቶስ ንልምን ኣሎና፡፡ ኣሜን፡፡

ሰ ን በ ት  ም ሸ ት

ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት፣

ዘለኣለማዊ ኣምላኽ፡ ሰማያዊ ኣቦ፡ ነቶም ኣብ ኩሉ ዓለም ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ደቅኻ ሓልያም፡፡ ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ከም ኣትኣከበም፡ ተስፋ ህዝብካ ኢኻ'ም፡ ኣከቦም፡፡ን ነፍሲ ወከፍ ትፈልጦ ኢኻ፡ ንኹሎም ባርኾም፡፡ በቲ ማይ ህይወት ዝኾነ ቃል ወንጌልካ ሓድሶም፡፡ ንደቅኻ ካብ ኩሉ ጥፍኣትን፡ ጉድኣትን ሓልያም፡፡ ኣብ ዘለዉ ይሃልዉ ብጸሎት ንሓብሮም ኣሎና፡፡ ንኹልና ደቅኻ ብሓባር፡ንቤተ ክርስትያንን፡ ንናይ እምነት ማሕበራትን፡ እምነትን፡ ፍቕርን ተስፋን፡ከተብዝሓሎም ንልምን፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ዘለኣለማዊት ቤትካ ኣከበና፡ ኣሜን፡፡

## ሰ ኑ ይ ን ጉ ሆ

## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ቅዱስ ሰማያዊ ኣቦይ፧ ዘድልየኒ ኩሉ ኣተዓ
ልወለይን፡ናብ ኩሉ ኣትመርሓንን፡ ንስኻ ኢኻ፡፡
ተገባረይ ኩሉ ንኽብርኻ መታን ኪኸውን በመንፈስ
ቅዱስካ ምርሓኒ፡፡ ኩሉ ተገባረይ ኬቕንዕ ክኣለ
ት ሃበኒ፡፡ ነቲ ዝሃበካኒ ፀሀበት ኩሉ፡ ኣብ
ዘድልየኒ መታን ክውዕሉ ምኽርኻ ሃበኒ፡፡ክጀም
ርን ጀሚረ ክፍጽምን ክም ዘይኽእል ይፈልጥ እየ፡፡
ሰማያዊ ኣቦይ ባዕልኻ ዱኻ ኣዓልወኒ፡፡ ንተገባ
ረይ ምራሕ፡፡ ተገባር ኢዩይን፡ፍረ ጻዕረይን፡
ባርኽ፡፡ብጸቡቕ ጀሚረ ብጸቡቕ ክፍጽም፡ኩሉ
ተገባረይ ኣብ ኢዱካ የማዕቀብ ኣሎኹ፡፡

ኣንታ ሐሰው ሀዘቡ፡ ንኣይን ንሀዘበይን
ሐሉን፡ ዓቅብን፡ ካብ ሕጂ ንዘለኣለም፡
ኣሜን፡፡

ሰ ኑ ይ   ም ሸ ት

ዚ ጸ ለ   ጸ ሎ ት

ኣታ ኩሉ ኣትኽእል ሰማያዊ ኣቦ፡ብጸጋኻ ኩሉ ሓጢኣተይ፡ ኣቕሊልካለይ ኢኻ'ም፡ብትሕትና ናባኻ ኣቕርብ ኣለኹ፡፡ ምሉእ በረኸት ሃበኒ፡፡ ከም ፍቓድካ ሓቀኛ ኑዛዜ ከናዝዝ ሓግዘኒ፡፡ስለ ኣቲ ፍቑር ወድኻ ኢልካ ምሓረኒ፡፡ መታን፡በታ ዓባይን ከባድን መዓልቲ ፍርዲ፡ኩሉ ኣበሳይ ከይዝከር፡ ንኹሉ ሓጢኣተይ ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ ደርብዮ፡፡ ከም ፍቓድካ ከነብር ጸጋኻ ሃበኒ፡፡ ነቶም ጸላእተይ ከፈርሆም ሓግዘኒ፡፡ያ ኈይታይ ሓይሊ ሃበኒ፡፡በቲ ዓብዩ ምሕረትካ ንነፍሰይ ኣጽንዓ፡፡ ንኣይ ንምግዳር ሓጢኣተኛ ስለ የሱስ ክርስቶስ ኢልካ ጸሎተይ ስማዕ፡፡

ኣሜን፡፡

ሰ ሉ ስ   ን ጉ ሆ

ዚ ጸ ለ   ጸ ሎ ት

ኣታ ኣምላኽ ኣቦታትና፡ ሰምካስ ከንጸይክን ዘተባረኽን ዝተመስገነን ኢኻ፡፡ ነቲ ዑነ ጸልማት ለይቲ ኣልጊስካ ብርሃን መዓልቲ ዘሃብካና ልብና ናብኻ ነልዕል ኣሎና፡፡

ኣታ ካብ ወለደ ንወለደ መዕቆቢ ዝኾንካና ንጸሎት ሓጢኣተኛታት ተቐበል እሞ መሓረና፡፡ እቲ ሓቀኛ ብርሃን ጸሓይ ጽድቅኻ ኣብ ልብና ይብራህ እሞ ንምስትውዓልና ድማ ዓብርሀ፡፡ከባዕ ኣብታ ዘለኣለማዊት ህይወት ኣብ ብርሃንካ እንሕጉስ፡ ከም ደቂ መዓልቲ ኮንና፡ ነፍስና ክንገትእ ሓይሊ ሃበና፡፡ ከም ፍቓድካ ክንመላለስ ሓግዘና፡፡ ንስኻ ናይ ህይወት ፈልፋሊ ምንጪ ኢኻ፡ ንሕና ድማ ብብርሃንካ ብርሃን ክንርኢ ኢና፡፡

ኣሜን፡፡

## ሰሉስ ምሸት

## ዚጸለ ጸሎት

ያ ጐይታ ንስኻ ሓጋዚና ሓላዊና ኢኻ
ኣም ናባኻ ንምለስ ኣሎና፡፡ ነቶም ኣብ ጭን
ቅን ሓዘንን፡ ወዲቶም ዘለው ምሕረትካ ሃቦም፡፡
ነቶም ኣብ ትሕቲ ጭቁና ዘለው ፍትሒ ኣውጽኣሉ
ም፡፡ ንዝወደቐ ኣተንስኦ፡፡ ንዝረሓቐ ኣቕርብ፡፡
ነቶም ናባኻ ዝምለሱን፡ ዝምህለሉን፡ ተገለጸሎም፡፡
ንዝጠመየ ዓንገል፡፡ ንእሱራት ፍትሒ ኣውጽእ፡፡
ንዝቕሰሉ ፈውስ፡፡ ነቶም ዝ ተሓለሎም ደገፍ፡፡
ሰባት ንስኻ በይንኻ ኣምላኽ ምዃንካን፡ኣገልገ
ሉትካ ደማ ብየሱስ ክርስቶስ ዝፍጸም ምዃኑ፡
ንሕና ደማ ህዝብኻን ኣካል መጓሰኻን ምዃንና
ሰባት ይፍለጡ፡፡

እዚ ብስም የሱስ ክርስቶስ መድሓኒና ንል
ምን ኣሎና፡፡

ኣሜን፡፡

## ረቡዕ ንጉሆ

## ዚጽለ ጸሎት

ፍቁር ሰማያዊ ኣቦና፡ ንኹሉ ህዝቢ ዓለም ምሕረት ዝሃብካ፡ ነዚም ሓቢርና እንጸሊ ዘሎና ደቅኻን፡ ነቶም ብመንፈስ ዝሓብሩናን፡ ዘክር፡፡ ነቶም ኩሎም ፍቕሮም ዘርእዩና፡ ኣብ ኣባታዊ ዕቑባኻ ነቕርቦም ኣሎና፡፡ ነቶም እነፍቅሮም ብጾትና ኣብ ትሕቲ ሕቑፍኻ ኣከቦም፡፡ ንኹሎም እቶም ናብ ሕቑፍኻ ዘቕረብናዮም፡ ዓቕብን፡ሓሉን፡፡ ነቶም ኣብ ጭንቅን ሽግርን ዘለው፡ መታን ዱሒናም ንኸቡርን ዕውትን ስምካ ኪውድሱን፡ከመ ስግኡን፡ ስግእምን ነፍሶምን ዓቕብ፡፡

እዚ ብስም የሱስ ክርስቶስ ጎይታና ንልምን ኣሎና፡፡

ኣሜን፡፡

## ረቡዕ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ኣታ ኹሉ ኣትኽኣል ኣምላኽ፡ ንኹሎም ሕሙማትን፡ዝጉሃዩን፡ ንኹሎም ዑኹታትን፡ ነቶም ኣብ ንንበይኑ ዝኾነ ቦታ ሽግር ዝተጓነፎም፡ርዓኣን፡ ኣበርትዖን፡ ኣጸናንዖን፡፡ ነቲ ኪጸርዎ ዚኽኣሉ ስቓይ ንምጻሩ ኣኽኣሎም፡፡ ነቶም ኣብ ሞት ዝቕረቡ ምሕረትካ ሃቦም፡፡ ነፍሶም ናብ ኢዳካ ከማዕቑቡ ሓግዞም፡፡ ነፍሶም ናብቲ ስቓይን ሞትን ዘየብሉ ትሓልፍ ከም ዘሳ፡ ኣፍልጦም፡፡ ንኣና •ውን ስቓይን ሞትን ምስ በጽሓና፡ብኽምዚ ዝበለ መገዲ፡ ብትብዓትን፡ብእምነትን፡መጸዋዕታኻ ከንቅበል፡ ምሉእ እምነት ከም ኣነሕዶር ገበረና፡፡

ስምካ ካብ ሕጂ ንዘለኣለም፡ ዝኽበረን ዝተመስገነን፡ ይኹን፡፡

ኣሜን፡፡

# ሓሙስ ንጉሆ

## ዜጸለ ጸሎት

ኣታ ቅዱስ ኣምላኽ፡ ሰማያዊ ኣቦ፡ ነቲ ጸልማት ለይቲ ቀንጢጥካ ኣእዓውና ናባኻ ከነ ልዕል ዘገበርካና ነመስግነካ ኣሎና፡፡ ምሕረትካ ንልምን፡፡ ብርሃን ጸሓይ ጽድቕኻ ኣብ ልብና ይብራህ፡፡ ከም ደቂ ብርሃን ኮንና ነቲ ንዘለኣለም ክንወርሶ ዘተዋህበና ርስቲ ወረስቲ ግበረና፡፡ ነቶም ኣብ ገፊሕ ግዝኣትካ ዘርከቡ ህዝብታትን፡ ንኹሎም ኣሕዋትና፡ ኣብ ዘዘለውዎ ኮይኖም ጸጋኻ ዜልምኑ፡ ምሕረትካ ሃብም፡፡ ኮሳትና ናብ እምነት ጸጋኻ ጸኒዕና ክንነብር፡ እሞ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክንወርስ ሓግዘና፡፡ሽው ነቲ ዜደንቕ ግኑን ስምካ፡ ክነመስግን ኢና፡፡

ኣሜን፡፡

## ሓሙስ ምሸት

## ዚጸለ ጸሎት

ያ ኣምላኽ ኣቦ ኵሉ ፍጥረት፡ ንኵሉ ፍጥረት ኣትፈልጥ፡ ዱሌቱ ኵሉ ብብግዚኡ ኣትህብ ሓቀኛ ረዓዪ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ፡፡ኣታ ምሕረተኛ ኣምላኽ፡ ናብቶም ዘልምኑኻ ዘለው ኣገልገልትኻ ገጽካ ምለስ፡፡ ያ ሓያል ኣምላኽ፡ንሕና ደኻማት ኢና'ም ብኣኻ ኣበርትዓና፡፡ኣታ ዘለኣለማዊ ሓጐስ ዘመልኣካ ኣምላኽ፡ ኢዶካ ተዓሀሰሰና፡፡ ሓጐስካ ሃበና፡፡ነቲ መገዲ ብገዛእ ርእስና ካይንፈልጠን ኢና'ም፡ ኣንታ ጐይታ ኵሉ፡ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ነታ መገዲ ሀይወት፡ ናብ ዕረፍቲ ቤት ጐይታ ኣትመርሕ መገዲ ኣትሕብር፡፡ ነታ ከንመላለሰሉ ኣተዋህበትና መገዲ ሀይወት ምርሓና፡፡ ብምሕረትካ ኣብዛ ምድራዊት ሀይወትና ጸጋ ከንረክብ፡ ኣብ ናይ ዘለኣለም ሀይወት ደማ ወረስቲ ከንከውን፡ ሓግዘና፡፡

ንዘለኣለም ክብሪ ንኣኻ ይኹን፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ፡

ኣሜን፡፡

## ዓ ር ቢ  ን ግ ሆ

## ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት

ያ ኣምላኽ ሰማያዊ ኣቦ፡ ኣብዛ ምድራዊት ህይወት ክሳዕ ዘለኹ ብጥዕና ክመላለስ፡ ናይ ኣእምሮ ህዱኣት ሃበኒ፡፡ ነዚ ተቀህቡኒ ዘሎ ዕድመ ኣብ ዝግባእ ክርስትያናዊ ህይወት ክሕልፍ ሓግዘኒ፡፡ ኣእምሮይ ኣብ ዓለማዊ ህይወት ጥራይ ከየድህብ፡ ሰማያዊ ባህጊ ሃበኒ፡፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብዛ ምድራዊት ህይወት ንኽሓልፍ ድሉዊ ግበረኒ፡፡ ጕዕዞይ ምስ ፈጸምኩ፡ በቲ ዓብዪ ምሕረትካ ኣተባረኽ ስንብታ ግበረለይ፡፡ ከም ተስፋኻ፡ ቃልካ ንዝሕልውን፡ ከም ፍቓድካ ዝመላለሱን፡ ኣይከጠፍኡን እዮም፡ካብ ኢድካውን ዘምንዝዖም ከቶ የልቦን እሞ፡ ንኣይ ድማ ከም ተስፋኻ ግበረለይ፡፡

እዚ ብስም የሱስ ክርስቶስ እልምነ፤ ኣሜን፡፡

ዓ ር ቢ ም ሸ ት

ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ዎ ቅዱስ ኣምላኽ ካብቶም ሓጢኣቶም ዘይኣመኑ ሓጥኣን ኣትርሕቕ፡ናብተን ኣሙናት ነፍሳት ኣናመጻኣካ ግን ሕራይ ህዝቢ ኣምላኽ ኣትገብር፡ ኣብ ልበይ ከትሰፍር ኣዕደመካ ኣሎኹ፡፡ ካብ ፍቓድካ ኪርሕቐኒ ዝኽእል ኩሉ ግብሪ ሓጢኣት ካባይ ኣርሕቕ፡፡ ፍቓድካ ዘበለ ኹሉ ግን ካባይ ኣንግስ፡፡ ንስኻ ነቶም ትሑታት ኣትምዕዱ፡ንተሰናኸሉ ኣትድግፍ፡ንዝደኸሙ ሓይሊ ኣትህብ፡ ነቶም ኣብ ጻዕሪ ሞት ዘለዉ፡ኣናጸናናዕካ ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣተሳግር፡ንስኻ ጥራይ ኢኻ'ም፡ዎ ጐይታይ ንኣይ ዶማ ኣካለይን፡ ነፍሰይን፡ቀድስ፡፡ ንስኻ ወትሩ ኣትነብረሉ ቤተ መቕደስካ ግበረኒ ፡ ኣሜን፡፡

ቀ ዓ ም ን ጉ ሆ

ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ያ ኣምላኽ ንህዝቢ ዓለም ሓዱነትን ሰላምን ሃብ:: ነቲ ዓቢ ስምካ ክንቅድስን ክነኽብርን፡ ሓግዘና:: ነቶም ንኣና ኪምርሑን ኪኣዝዙን ዝፈቐ ዱካሎም፡ መራሕትና ከም ፍቓድካ ጌርና ክንኣዝዞም ሓግዘና::ጥዕናን ሃብትን ሰላምን ሃቦም:: ልቦም ናባኻ ኪዱህብ፡ካብ ፍቓድካ ከይወጹ ሰናይ ዘበለ ኺገብሩ ሓግዞም:: ነቲ ካባኻ ዝተዋህቦም ስልጣን ን ሓይልን፡ብትሕትናን፡ብቕንዕናን፡ኪገልግሉ ሓግዞም::ክብርን ስልጣንን ነቲ ሊቀ ካህናን ሓቀኛ ጐይታ ነፍስናን፡ ንየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ይኹን:: ንሱ ጐይታ ጐይተት ስለ ዝኾነ፡ካብ ጥንቲ፡ሕጂን ንዘለኣለምን ስሙ ዝተባረኸ ኣዩ ::

ኣሜን::

ቀ ዓ ም  ም ሸ ት

ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት

ያ ጐይታ በቲ ምሕረት ዝመልኦ ኢዱካ ኣታቲኻ ኣብዚ መወዓእታ ሰሙን ስለ ዘብጻሕካና ነመስግነካ ኣሎና :: እተን ሸዱሸተ መዓልቲ፡ መዓልትታት ፡ ጻዕርን ዱኻምን እየን:: ነዛ ናይ ዕረፍቲ መዓል ቲ መዓልቲ ሓጐስ ገበረልና :: ኣብ ትሕቲ ኣእጋ ርካ ኮፍ ኢልና ቃልካ ክንሰምዕ ከሎናን፡ ተንበርኪ ኸና ክንጸሊ ከሎናን፡ክምኡውን ኣብ ቅዱስ ዱራር ክንቀርብ ከሎና ባርኸና :: ካብዚ ምዱራዊት ህይ ወት ክንሓልፍ ከሎና፡ብሓጐስ ኣብ ቅዱሜኻ ኣቕመና:: ብገርማ ኣብ እትገለጸሉ ግዜ ብዘይ ፍርሃት ክንር እየካ ኣብ ዘለኣለማዊት ዕረፍቲ ሰንበትካ ክነዕር ፍ ርዱኣና::

እዚ ብስም መዱሓኒና የሱስ ክርስቶስ ንልምን:: ኣሜን ::

## ሰ ን በ ት  ን ጉ ሆ

## ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት

ዎ ክርስቶስ ህብስተ ህይወት፡ካብ ሰማይ ንዓ
ለም ክተድሕን ዝወረድካ ፡ መታን ኣነ ድማ ናይ
ዘለኣለም ህይወት ክወርስ ናባይ ንዓ ፡፡
ንዓ ንልበይ ካብ ኩሉ ሓጢኣት ኣንጽሃዮ ፡፡መታን
ኣብ ቅዱስተ ቅዱሳንካ ንምእታው ኪኽኣል ልገሚ
ዘዓብስ እምነትን ፡ ንጹህ ሕሊናን ሃበኒ ፡፡
ንነፍሰይ ኣንጽህ፡ ጸግዐይ ኩን ፡፡ ንስኻ ምሳይ
ክሳዕ ዘሎኻ ክፉእ ኣይፈርህን እየ'ሞ ኣይትገደፈ
ኒ፡፡ ኣብ መወዓእታ ግዜ ኣብቲ ንስኻ እትነብሮ
ክርከብ ኣም ገጽ ንገጽ ክርእየካ ፍቓድካ ይኹን፡፡
ኣሜን ፡፡

## ሰንበት ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ዎ ኹሉ ኣትኽእል ኣምላኽ ሰማያዊ ኣቦ፡ መታን ንሕና ብኣኡ ሰላምን ደሓንን ከንረክብ ፍርሀን ሰግኣትን ኣብ ሓደ ኣተፍቅሮ ወድኻ ኣውረድካ። ቅሳነት ልቢ መታን ከንረክብ ኣምነትና ናብኡ ጥራይ ገበር ። ብቓልካ ኣጸናንዓና ። እዛ ምድራዊት ሰንበትና ናይታ ንህዝብኻ ኣብ ሰማይ ዘዓለኻያ ዕረፍቲ ሰንበት መጀመርታ እያ'ም፡ በዛ መዓልቲ ሰንበት ሰላምካ ሃበና ። ካብዚ ናይ ሸገር ህይወት ከንሓልፍ ከሎና መንፈስ ቅዱስካ ንኹለንትና ኣብ ሰላምካ ዓቅበን፡ሓሉን ።

እዚ ብስም የሱስ ክርስቶስ ጐይታና ንልምን፡ ኣሜን ።

ሰ ኑ ይ  ን ጉ ሆ

ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት

ያ ኹሉ እትኽእል ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ፡ ከምቲ ወሳዲ ንወልዱ ብስርሖም ዝምዕብ ፡ ንነፍሲ ወከፍና ዐዖዓና እትምዕብ ንስኻ ኢኻ ፡፡ ፍቑር ኣቦ፡ ኣብ ኩሉ ተግባርና ትጉሃትን ተገደስት ግበረና ፡፡ከም ቶም ከም ፍቓድካ ዚመሳሰሉ አዙዛዝ ውሉዱ ክንከውን ሓግዘና ፡፡ ከምዚ ኮንና ክንመሳሰስ ኣምበር ሓባብና ናብ ዓለማዊ ነገራት ከየዘንብል፡ ኣብ ክንዱኡስ ልብናን ሓባብናን ናባኻ ኣድህብ ፡፡ መመስገንትን መማሰውትን ክንከውን ኣዓልወና ፡፡ ካባኻ ዘርሕቕ ነገራት፡ትህኪትን፡ሸለልትነትን፡ ካባና ኣርሕቕ ፡፡ ካብ ኩሉ ከን ነኽብርኻ ዘይኽውን ነገራት ካብ ምግባር ሓልወና፡፡ ኩሉ ዘድልየና ትፈልጦ ኢኻ'ም፡ዘድልየና ኹሉ ብቲ ዘይውሑን ኣባታዊ ፍቕርኻ ሃበና ፡፡

እዚ ኹሉ ስለ የሱስ ክርስቶስ ጉይታና ኢልካ ግበረልና ፡፡

ኣሜን ፡፡

## ሰ ኑ ይ ም ሸ ት
## ዚ ጽ ለ ጸ ሎ ት

ያ ኣምላኽ ከንልምነካ ፍቓድካ እዩ ፡፡ ቅድሚ ናባኻ ምምህላልና ግን ንስኻ ኣብ ማእከልና ተረኽ ብ ፡፡ መታን ልብና መሕደር ኣቲ ልዑል ዙፋንካ ኪኸውን፡ክይትፍለየና ብትሕትና ንልምን ኣሎና ፡፡ ንኣኻ ምርካብ መንግስቲ ምጥራይ እዩ ፡፡ምስጋናኻ ድማ ዘለኣለማዊ ሐጐስ እዩ ፡፡ ክንጸምኣካን ክን ደሌካን መንፈስካ ሃበና ፡፡እዚ ኹሉ ነንመዓልቲ ናብና ዓቕብን መጉሰናን፡፡ ያ ጐይታ ናይ ሓቂ ህይወት ወርትግ ኣብዚ ኹነ ኣብ ዘሎና እንተሎና ንኣኻ ክንረክብ ሐግዘና ፡፡

ኣ ሜ ን ፡፡

## ሰሉስ ንጉሆ
## ዚጸለ ጸሎት

ኣታ ኹሉ አትኽአል ምሕረት ዝመልኣካ ኣምላኽ ብትግሃትን ብቕምነገርን ኩሉ ተገባረይ ንኽብርኻ ኪገብር ኣኽአለኒ ፡፡ ምሉእ ዕድመይ ኣብዛ ምድሪ ንኽብሪ ስምካ ዚኸውን ኣገልጋሊኻ ግበረኒ ፡፡ ንኹሉ ነቲ ንስኻ አትጸልኦ ኺገብ ዱሉት ፍቓድን ኣብ ውሽጠይ ኣልዕሰለይ ፡፡ ኩሉ ዚገብሮ ከም ቅዱስ ፍቓድካ ኪኸውን ድማ ሓብረኒ ፡፡ ኣብ መወዓእታ ድማ ብአምነትን ፡ ብቕንዕናን ፡ብሓቅን ኣብ ቅድሜኻ ከቕርብ ሓግዘኒ ፡፡ብአከይ ተሳሒበ ንጽሕሪት መታን ከይምለስ፡ አምነት ዝመልኦ ልቢ ሃበኒ ፡፡

ኣብ ዝኾነ ይኹን ብፍርሂ ዘይድሃል ጻኑዕ ልቢ ፍጠረለይ ፡፡ናብ ዝኾነ ገብረ አከይ ተመንዚዑ ዘይኸይዱ አሙን ልቢ ኣብ ውሽጠይ ኣሕድር ፡፡

አዚ ስለ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክትገብረለይ ኣልምን ኣሎኹ ፡፡

ኣሜን ፡፡

ሰ ሉ ስ ም ሸ ት

ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ዎ ኹሉ ኣትኽእል ቅዱስ ኣምላኽ፡ ከም ዝግበ ኣኒ አዙዝ ኩይነ ኣብ ቅድሜኻ ከምዘይቀረብኩ ብል በይ አናዘዝ ኣሎኹ ።

ፍቅር ኣበይ ብዘይ ምእዛዘይ ይቕረ በለለይ ። ከም አዙዝ ሓቀኛ ውሉድ፡ ኩይነ ከመላለስ ሓገዘኒ፡፡ ከምቲ ናይ በለምን አዙዝ ልቢ ሃበኒ እም ከመስገ ነካ እየ ። ጐይታ የሱስ ንስኻ ከባዕ ምት ተኣ ዚዝካ ኢኻ፡ ከምኡ ዝበለ አዙዝ መንፈስ ኣብ ልበ ይ ኣሕድር ። ብጐደና ትእዛዛትካ ከም ዝመላለስ ግበረኒ ፡ ዎ መንፈስ ቅዱስ ነቶም ኣብ ሓቅኻ ዚ ጸንዑ መንፈስ ምእዛዝ ትህቦም ኢኻ'ም፡ ንኹሉ ዘ ይምእዛዝ ካብ ልበይ መንቀስ ። መታን ኣምላኽ ብኹሉ ነገር ከምስገን ቅዱስ ህይወት አዙዝ ልቢ ፍጠረለይ ።

ኣ ሜ ን ።

ረቡዕ ንግሆ

ዚጸለ ጸሎት

ያ ጐይታ ስለ እቲ ዓቢይ ምሕረትካ ምስጓናን ክብርን፡ ንኣኻ ይኹን፡፡ ንደቅኻ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ፍርሀን ሃበም ፡፡ ንኻልእት፡ኣንኢሶም ንርእሶም ኣብሊጾም ከይርኣዩ፡ርእሶም ከምርመሩ ፡ ሓግዞም ፡፡ካብ ኩሉ ገበሪ ሓጢኣት ሓልዮም ፡፡ ብፍላይ ካብቲ መን ኣሉ ከማና ዘብል ሓሳብ ሰውሮም፡፡ ብሓቂ ክንፈርሃካ እሞ ብሓቅኻን፡ብጽድቅኻን ክንመላለስ ሓግዘና ፡፡ ፍቕርኻን ምሕረትካን ከም እንርኢ ግበረና፡፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ዕቑባኻ ጸጋኻ ዚነብሩ፡ ፍቕርኻ ሓዲጎም ናብ ዓለም ከይምለሱ ዓቕቦም፡፡ ንኹሎም እቶም ዘይፈለጡኻ ኣንቅሕ ፡፡ ንኹሎም ደቅኻ ሓግዝን መዓዱን፡፡ ምኽርካ ኣብ ዘዱልዎም ሓጋዚኦም ምዃንካ ኪኣምኑን ኪፈልጡን ፡ ኣዓልዎም ፡፡ ኩሉ ተግባርና ንሰናይ ነገር ኪኸውን ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንልምን ፡ ኣሜን፡፡

## ረቡዕ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ያ የሱስ ክነመስግነካን ክንውዱሰካን ዝግበአካ ፡ሓቀኛ መድሓኒና ኢኻ፡፡ ስለ'ቲ ምእንታና ዝተሰቐኽዮን ዝሞትካዮን ፡ ነመስግን ኣሎና ፡፡ ብዘበለጸ ድማ ገንሸል ኣምላኽ ኮንካ ሓጢኣትና ስለ ዘጽርካ ነመስግን፡፡ ኮሉ ስቓይካን፡መከራኻን ከም'ቲ ሕያዋይ ጊህ ነባጊሮ ኬድሕን ብጃኤን ዚሓልፍ ከምኡ ኮንካ ከም ዝተሰቄኻ ክነስተውዕል ሓግዘና፡፡ያ የሱስ ባዕልኻ ከም ዘበልካ''ናይ ዘለኣለም ሀይወት ክሀበን ኣየ'፡ ከምኡ'ውን ኢድካ ኣብ ልዕሊ ኣባጊዕካን፡ዕያውትኻን ከም ኣተንብር፡ ንኣና ድማ መታን ክነስምረካ፡ሀይወትን፡ሓይልን ፡ ዘለያ ኣምነት ሃበና፡፡

ከምዚ ዘበለ ነገር ምስ ሃብካና፡ብኣምነትካን፡ ብተሰፋኻን፡ብፍቐርኻን፡ብምጽንናዕካን፡ከም ኣንዓግብ ገበረና ፡፡ንርኣስና ክንነብር ዘይኮነ፡ሓጢኣትና ንዘጽርካን፡ምእንታና ንዘሞትካን፡ስለ ጽዱቅና ድማ ዝተሰኣካ ንኣኻ ክንነብር ሓግዘና፡

ኣሜን፡፡

## ሓሙስ ንግሆ
## ዚጸለ ጸሎት

ያ ኹሉ እትኽእል ኣምላኽ ሰማያዊ ኣቦ፡ወዲኻ
ነቶም ናትካ ጥራሕ ኪኸውን ዘይኮነስ፡ንኹሎም ኣህ
ዛብ ብርሃን ኪኸውን ገበርካዮ፡፡ስለ'ዚ ዓቢይ
ምሕረትካ ኣመስግን ኣሎኹ፡፡ኣቦታተ'ውን ካብቶም
ኣህዛብ ነበሩ፡ንኹሎም ግን ናብ ዜገርም ብርሃንካ
ጸዋዕካዮም፡፡ከምቲ፡ንወዲኻ ነቶም መሳኪን፡መጓሰኣ
ም ዚሕልው ዝነበሩ ጓሶት ዝገለጽካዮ፡ከምኡ'ውን
ነቶም ሰብ ጥበብ ካብ ምብራቕ ብኾኸብ ጌርካ ዘመ
ራሕካዮም፡ያ ጐይታይ ንኣይ ድማ፡በዓለማዊ ክብሪ
ተዓሽየ፡ከይጠፍእ፡ክትሕልወኒ ኣልምን ኣሎኹ፡፡
ኣብ ዘለኣለም ብርሃን ክሳዕ ዘበጽሕ፡ነቲ ሓቀኛ
ኮኸብ ዝኾነ ቓልካ ክስዕብ ሓግዘኒ፡፡

እዚ ስለ ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶ
ስ ኢልካ ክትፍጽመለይ እልምን፡

ኣሜን፡፡

## ሓሙስ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ፍቑር ሰማያዊ ኣቦ፡ብምሕረትካ ናባይ ኣንቈልቍልካ ጠምት፡፡ኣነ መግዶር ወድኻ፡ኣብዛ ዓለም እዚኣ፡ዝመላለስ ብብዙሓት ጸላእቲ ኣተኸበብኩ፡ብነገበይኑ ፈተናታትን፡ ድንግትን፡-እተተሓዘኩ እየ፡፡ ኣምሰኸይ ካብ ሰማያዊ ቤተይ ርሒቐ ኣብዚ ምድሪ ስደት ዝ ነብር ዘለኹ እየ፡፡ብቐሊል ካብቲ ናብ ሰማያዊ ቤተይ ዘእትወኒ መገዲ ዘንቢሉ ከጠፍእ ይኽእል እየ፡፡ያ ኣቦ ንስኻ ነቶም ኣብዛ ዓዲ ጋና ዚነብሩ ዘለዉ ደቅኻ ከም ዘይትሓድጎም ኣተስፈኻ ኢኻ'ም፡ከምቲ ሕያዋይ ወሳዲ ንደቁ ብሓልዮት ዘምልከቶም፡ከምኡ ድማ ንኣና ተመልከተና፡፡ ዘምርሕ መንፈስ ቅዱስ ከም ኣትሰዶ ኣተስፊኻና ኢኻ'ም ከም ተስፋኻ፡ነቲ ዘምርሓና መንፈስ ቅዱስ ካ ስደደልና፡፡ጉይታ የሱስ ኩሉ ተስፋታትካ ይኣምን እየ፡-፡ገጽካ ከትመልሰለይ ኣልምን ኣሎኹ፡፡

ንኣይ፡ንመስኪን ውሉድካ፡ዝመርሕ መንፈስ ሃበኒ፡፡ መታን ኣብ መወዓእታ ኩሉ፡ንኹሉ ፈተናታት ሰዒረ ኣኽሊል ዓወት ከደፍእ ሓግዘኒ፡፡

ኣሜን፡፡

## ዓርቢ ንጉሆ
## ዚጸለ ጸሎት

ያ ጐይታይ ሓደ ሓደ ግዜ ጾር መስቀልካ ስለ አተጹረኒ የመስገነካ ኣየ፡፡ብኹሉ ጊርካ ኣነ ከሳዕ ከንደይ ንአሸቶን ደኾምን መቪነይ፡ንስካ ግን ዓብይን ልዑልን መቪንካ ትምህረኒ ኢኻ፡፡ከምኡ'ውን ንደቕኻ ከሳዕ ከንደይ ኣሙን መቪንካ ኣርኣኻኒ፡፡ ብእምነት ኣነ ዕሸል ውሉድካ፡ኣብ ቅዱስ ፍቓድካ ህይወተይ የማዕቀብ ኣሎኹ፡፡ወሰቢ ውሉድ ሸግን መግደራን አንተ ኾንኩ፡ከም ዘለኹዎ ውሉድ ኣቲ ልዑል ኣምሳኸ ኮይነ ከነብር ኣየ፡፡ ያ ጐይታይ ሓዱ ሓደ ግዜ አቢ ትቐጽዓኒ አንተ ኾንካ ተፍቅረኒ ዲማ ኢኻ፡፡ ከሳዕ ከንዲዚ ዘኣክል፡ንኣይ

ኣሙን ከሎኻስ፡ስለምንታይ ኣየ፡ዘይኣመንኩኻ? ስለምንታይከ ኣዩ በቲ ሓገዝ ዘዳልየኒ ግዜ ሓገዝካ ዘይሓተትኩ ? ምስትውዓልካ ካብ ምስትውዓለይ ይበልጽ ኣዩ፡፡ጐይታይ ሓገዝ ዘዳልየኒ ግዜ ንስኻ ትፈልጦ ኢኻ፡ኣምበኣር፡ጐይታይ ኣቲ ጽቡቕ ፍቓድካ ንኣይ ንውሉድካ ስናይ ኣዩ'ም፡ከም ፍቓድካ ክኾነለይ ይልምን ኣሎኹ፡፡

ኣዚ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከትገብረለይ ይልምን፡ ኣሜን ፡፡

## ዓርቢ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ዎ ኣምላኽ ኵሉ ኣትኽኣል ኣቦ፡ፍርሃት ኣምላኽ ዘለዎም፡ስምካ ንዓለም ዘበሰሩ ሰበኽቲ ኣብ ቤተ ክርስትያንካ ልኣኽ፡፡ኣንታ ጸጋን ምሕረትን ዝመልኣካ፡ስለ እቲ እተፍቅሮ ወዱኻ የሱስ ክርስቶስ ምእንታና እተሰቕለን ዝሞተን ኢልካ፡ናይ ዘለኣለም ህይወት ሃበና፡፡መታን ኩሉ ህዝቢ ክመስግነካን ክውድሰካን፡ናይ ዘለኣለም ህይወት ክትህበና ንልምነካ ኣሎና፡፡ብግብረ ኣከይ ክይንገዛእ ዝመርሖና መንፈስ ቅዱስ ሰደደልና፡፡ እቶም ክፉኣት መናፍስቲ ካብ ቃልካን ካብ ኣምነትካን ካብቲ ቅዱስ ኣገልግሎትካን፡ከምንዝዑና እዞም ዝደልዩ፡እሞ ካብዘም ክፉኣት ሓይልታት ስለ እቲ እተፍቅሮ ወዱኻ የሱስ ክርስቶስ ኢልካ ክትሕልወና ንልምን፡

ኣሜን ፡፡

# ቀ ዳ ም  ን ጉ ሆ
# ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት

ዎ ኹሉ ኣትኽእል ኣምላኽ፡ ኣብ ዝሕዝን ኩነታት ኣብ ኣንወድቀሉ እዋን፡ሕድገት ሓጢኣትና ኣፍልጠና፡፡ ኣብ ግዜ ጸልማት ኣተባረኽ ተስፋ ሃበና፡፡ ብእዋን ሕማም ተስፋን ጽንዐ እምነትን ሃበና፡፡ ልብና ኣብ ዝሕለለሉ፡ ነፍስና ኣብ ዝትከዘሉ፡ እቲ ዜሓጕስ ነገራት ክይተረፈ ኣብ ኣንጸልኣሉ እ.ዋን፡ መንፈስ ምጽንናዕካ ናባና ልኣኽ፡፡ ድሕሪ˚ቲ ናይ ጸልማት ግዜ መንፈስ ቅዱስካ ኣብ ልዕሌና ይብራህ፡፡ ሽው ኢና ብህድኣትን፡ብተስፋ እምነትን፡ኣብ ትሕቲ ናይ ምሕረት ህይወት እንመላለስ፡፡ ብፍቕርኻን፡ ምሕረትካን፡ተደሪኽና፡ኣብ ዜሓጕስ ዓመት ክንበጽሕ ተስፋን፡ትዕግስትን፡ዝመልኦ ህይወት ሃበና፡፡

ብስም ኣተፍቅሮ ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ኢልካ ስምዓና፡

ኣሜን፡፡

## ቀዳም ምሸት

## ዚጸለ ጸሎት

ሰማያዊ ኣቦ፡ በዚ ሰሙን ኣዚኻ ብዝሃብካና ምሕረትን፡ጸጋዊ ውህበታትን፡ነመስግን ኣሎና፡፡ ንድሕሪት ተመሊስና ክንምልከት ከሎና፡በብኣዋኑ ክንገብሮ ዝግብኣና ዝነበረ ነገራት፡ከም ዝግባእ ጌርና ከምዘይፈጸምና ዄ፡ ብዙሕ ነገራት'ውን፡ከም ቲ ቅዱስ ፍቓድካ ከምዘይገበርና፡ይርድኣና ኣሎ፡፡ንኹሉ በደልና ስለ ኣተፍቅሮ ወድኻ የሱስ ክርስቶስ፡ ኢልካ ምሓረና፡፡በዚ ኣትመጽእ ዘሎ መዓልቲ ሰንበት፡ንኣና ኾነ ንቤትና፡ንማሕበርናን፡ንቤተ ክርስትያናን፡ባርኽ፡፡ ኵላትና ብሓባር ኣብ ቤተ ክርስትያን ተኣኪብና፡ክነመስግነካን፡ክንውድሰካን፡ ነፍስና መንፈሳዊ መግቢ ረኺብና፡እምነትና ክነጽንዕ፡ንኣኻን ንጎረባብትናን፡ከም ዝግብኣና ጌርና ክነገልግል መሃረና፡፡ንኹሎም መራሕቲ ቤተ ክርስትያን፡ባርኽ፡፡ ነቶም ቅዱስ ቃልካ ዚነግሩ ሰበኽትን፡ቅዱሳት ምስጢራት ዘሰርዑ ኣገልገልትን፡ከምቲ ቅዱስ ፍቓድካ፡ ንኽብርኻን፡ንምስጋና ስምካን፡ዚኾውን ኣገልግሎት ኪፍጽሙ ሓግዞም፡፡ንኹላትና፡ኣብታ የሱስ ክርስቶስ ዝመርሓሓ ቤተ ክርስትያን ኣኪበና፡፡ ኣሜን፡፡

## ሰንበት ንግሆ ወይ ሰንበት ምሸት
## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ያ ኵሉ ኣትኽእል ኣቦ፡ሎሚ መዓልቲ ኣብ ማእከልና ተረኺብካ ኣብ ውሽጥና ሰፈር፡፡ንነፍሲ ወከፍና ድማ ኣነ እየ መድሓኒኻ ኣናበልካ ተዛረብ፡፡ ንምስማዕ ከይንዝንጋዕ ንዓ ባዕልኻ ተዛረበና፡፡ ንስኻ ተደላይና ምዃንካ ተገለጸልና፡፡ነቶም ሎሚ መዓልቲ ምስ ህዝቦም ኮይኖም ኣብ ቤተ መቕደስካ ዝምልኹኻ ሰበኽቲ ደገፍ፡፡መታን ሰሚዖም ኪቕበሉኻን፡ኪገልግሉኻን፡ንልቢ ሰማዕቲ ተንከፍ፡፡ያ ሰማያዊ ኣቦ ስለ ኣቲ ኣተፍቅሮ ወድኻ ኢልካ ስምዓና፡፡

ኣሜን፡፡

## ሰኑይ ንጉሆ ወይ ሰኑይ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ጐይታን ኣምላኽን ዘኾንካ ሰማያዊ ኣቦ፡ፍቓዱ
ካ ንሓዱሕዱና ከንፈቕር ኣዒ˚ም፡ንኹሉም ሰባት
ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኣንረኽቦም ከነፍቅር
ጸጋኻ ሃብና፡፡ንኹሉ ሰብ ምሕረተኛታት ከንከውን፡
ዘበለጸ ግን ነቶም ኪፍቅሩና ዝሃብካና ኩሉም ይቕ
ረ በሃልቲ ግበረና፡፡ብሓቂ ጸሎትና ዶኾምን፡ልሕሉ
ሕን ኣዒ፡ግን ካብ ሳዕሊ ውህበት ጸሎት ሃብና፡፡
ኣብኣቶም ጸሎትና ኪብርትዕ ባርኽ፡፡ኣንልምና ኣይ
ንፈልጥን ኢና˚ም፡ኣንታይ ኢልና ከንጸሊ ከም ዝግ
በኣና መሃረና፡፡ በቲ ንስኻ ኣተፍቅረና ፍቕሪ፡
ፍቕርና ናብ ኩሉ ሰብ ይውሓዝ፡፡ከምቲ ቅዱስ ፍቓ
ዳካ፡ኩሉም ኣብ ትሕቲ ክንፍኻ ውቕባ ኪረኽቡ ናባ
ካ ስሓቦም፡፡መታን ኣብ ቅዱሜኻ ቀሪቦም በረኸት
ዝመልኦ ዘረባ ኪዛረቡ ፍቕርኻ ኣሕዱረሎም፡፡ኣብ
መወዓእታ ዶማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ተኻፈልቲ
ግበሮም፡፡

ንኣኻ ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ክብርን ምስጋናን
ይብጻሕካ፡
ኣሜን፡፡

## ሰሉስ ንጉሆ ወይ ሰሉስ ምሸት

## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ያ ጐይታይ፡ ነዛ ኣብ ማዕበል ባሕሪ ተዋሒጣ ዘላ፡ሸገር ቲ ነፍሰይ፡ንስኻ በይንኻ ጥራሕ ኢኻ ከተን ቀባቕባን፡ከትምህራን፡ከተቓንዓን፡ኣትኽኣል'ም ያ ጐይታይ ቀሊሕ በለኒ፡፡መታን ኣብ ልበይ ሰላም ን ሀዱኣትን ክ ነግስ፡ነዚ ኣብ ልበይ ተሰዒሉ ዘሎ ማዕበል ኣሀዱኣዩ፡፡ ነቲ ዘ ተዘርወ ሓሳበይ ናባኻ ኣርንብ፡፡መንፈስ ቅዱስካ ኣስርጸለይ፡፡ቤተ መቕደ ስካ'ውን ገበረኒ፡፡ያ ንኹሉ ሰናይን ፍጹምን ውህ በት ለጋሲ ጐይታ፡ብምልኣትካ መልኣኒ ኣም፡ንዘለኣ ለም መጸንናዕን፡ሓይልን፡ሓጐስን፡ሰላምን ክረክብ ኣየ፡፡

ኣሜን፡፡

## ረቡዕ ንግሆ ወይ ረቡዕ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

ዎ ኣምላኽ፡ወሃቢ ህይወትን፡ጥበብን፡ምስትውዓ
ልን፡ንስኻ ጥራሕ ኢኻ፡፡ንስኻ በይንኻ ጥራሕ ኢኻ
ዘለኣለማዊ ኣምላኽ፡፡ካባኻ ወሓዚ ሓጐስ፡ከቶ ኣይ
ተፈልየንን፡፡ሓጐስይ ኣባኻ ምሉእ መታን ኪኸውን፡
ኣጸቢቐ ከፈልጠካ ኣጸቢቐካ ምሃረኒ፡፡ኣብዛ ኣዋን
አዚኣ ንኣኻ አትቕበል ፍጽምቲ እምነት የብለይን፡፡
ክባዕ ንስኻ ብምልኣት ናተይ ምዃንካ ዝፈልጥ፡ንዘ
ልኣለም፡ፍጹም ዚገብረኒ ነንመዓልቲ እምነት ወስኸ
ኒ፡፡ኣብዚ ከባቢ ዘሎኹ ናይ ተስፋ ሓጐስ እዩ
ዘሎኒ፡ኣብኡ፡ኣብ ላዕሊ ግን ምሉእን ፍጹምን ፡
ሓጐስ እዩ ተዳሊዩለይ ዘሎ፡፡
ስለ እዚ ኹሉ የመስግነካ ኣሎኹ፡
ኣሜን፡፡

## ሓሙስ ንጉሆ ወይ ሓሙስ ምሸት
## ዚጸለ ጸሎት

, ዎ ኩሉ ኣትኽኣል ኣምላኽ፡ብፍላይ ንኣይ ከት ሓሰበ ከሎኻ፡ትኣሌኒ፡፡ነቶም ካልኦት'ውን፡ሓደ ኣንተዘኾኑ፡ከም ሓደ ገርካ ምኣለኻዓም፡፡ ናይ'ዛ ዓለም ኣዚሖ፡ሓደ ከመጸኣ፡ሓደ'ውን ከሓልፍ ኣርኢ ኣለኹ፡፡ንሰኻ ግን ንዘለኣለም ነባሪ ኢኻ፡፡ ኣቦይን ኣምላኽይን፡ንስኻ ኢኻ'ም፡ነቲ ኩሉ ንሰኻ ዘሃብካኒ ኣባኻ ክማዕቀብ እየ፡፡ክይጠፍእኒ ድማ ኣይከፈርሀን እየ፡፡ዎ ጉይታይ ናትካ ገርካኒ ኢኻ እም፡ኣብታ ሰፍራ ዕረፍተይ ከይበጻሕኩ ኣይከዓርፍን እየ፡፡ልበይ'ውን ዕረፍቲ ኣይከረክበን እዩ፡፡ ኣሜን፡፡

# ዓርቢ ንጉሆ ወይ ዓርቢ ምሸት
## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ያ ኾሉ እትኽእል፡ብምሕረት ዝ ተመለአካ ኣምላ ኽ፡ኣዕቀብኒ፡፡ንኽብርኻ ዝኸውን ኲሉ ሃረር ከብል ን፡ብምስትውዓልን፡ብጽቡቕ ዱሌትን፡ከፍጽም ሓግዘኒ፡፡ ምድራዊ ህይወተይ፡ንኽብሪ ስምካ ክኸውን ኣዘዘ፡፡ መታን ከባዕ መወዓእታ ምባኻ ክጉዓዝ፡ነቲ ንስኻ እትደየ ከማልእ፡ዱሌትን፡ፍልጠትን፡ክእለትን፡ ሃበኒ፡፡ ያ ጐይታይ ልበይ ብዘይጠቕም ነገር ከይመልእ ኣጽ ንዓኒ፡፡ንትሕትናይ ሓሉ፡፡ንኹሉ ዘሸገር ነገራት ዚጻወር፡ብገለኢ ዘይሸበር ልቢ ሃበኒ፡፡ብዘይጠቕም ነገራት ከይዕሸ፡ንቕሕ ልቢ ሃበኒ፡፡

ያ ጐይታይ መታን ክፈልጠካ፡ካብ ላዕሊ ካብ ኣርያም ውህበት ምስትውዓል ሃበኒ፡፡ንኣኻ ክባብ ዝረከበ ዘይዓርፍ፡ዱሌትን፡ሃረርታን ሃበኒ፡፡ ኣብ መወዓእታ ዱማ ኣብ ሕቖፍኻ ከነብረኒ ዝኽእል እምነት ወስኽኒ፡፡ ኣሜን፡፡

## ቀዳም ንጉሆ ወይ ቀዳም ምሸት
## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ዎ ጐይታይ ናባኻ እናዘዝ ኣለኹ፡፡ብኹለንትናይ ንፍቕርኻ ዘይበቅዐ ውዱቕ እየ፡፡ንስኻ ግን ብኹሉ ነገር ኣፍቂርካኒ ፡፡ንኣገልግሎትካ ዚሀቅዐ ሰናይ ነገር አኳ አንተ ዘዓብለይ፡ንስኻ ግን ከትገልገል በዓል ምሉእ መሰል ኢኻ፡፡ኣምበኣር ንኹሉ ድሌተይ ብጸቡቕ ምልኣዮ፡፡

መታን ከምዝገበኣኒ ኮይነ ከገልግለካ፡ ሓጢኣት ካባይ ኣርሕቕ፡፡ኣብ መወዳእታ ጉዕዞይ፡ካብዚ ምድራዊት ህይወት ከሰናበት ከለኹ ፍጹምን ኣተረጋገጸን ዕረፍቲ መታን ክረክብ፡ሕጂ ንህይወተይ ከዕቅበን ከሕሉን፡ኣኽእለኒ፡፡

ኣሜን፡፡

ቅድሚ ኣገልግሎት ሰንበት

ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ዎ ኹሉ ኣትኽእል ኣምላኽ፡ፍቁር ሰማያዊ ኣቦ በቲ ዘይውሰን ጸኑዕ ፍቕርኻ ኣብ ቤትካ ከኣቶ ኣየ፡፡ ዎ ጐይታይ ብጸዱቕኻ መርሓኒ፡፡ኣብቲ ንስኻ ኣትም ሰገነሉን ኣትኽብረሉን፡ማሕበር ከነብር ፍቓደኛ ኣየ፡፡ ዎ ጐይታ ጐይተት፡ኣቲ ንስኽ ኣትነብሮ ሰፍራስ ከንደይከን ኣዚዩ ሰናይ ኣዩ፡፡ነፍሰይ ኣብ ዙርያ ቀጽርኻ ክትነብር ሃረር ትብል ኣሰ፡፡
ነው ኹልና ኣብ ቅድሚኡ ንምበርከኽ፡ንሱ ኣምላኽና ን፡ፈጣሪናን ኣዩ፡፡ንሕና ድማ ብኢዱ ኣንጋሀ መጊ በኹ ኢና፡፡

ዎ ጐይታይን ኣምላኸይን በቲ ዓቢ ምሕረትካ ንጸሎተይ ሰማዕ፡፡ሰለ'ቲ ዓበይ ፍቕርኻ ኢልካ ድማ ሓግዘኒ፡፡

ኣሜን፡፡

## ቅድሚ ቅዱስ ቁርባን
## ዚጸለ ጸሎት

ጐይታ የሱስ ክርስቶስ፡ብቲ ዘይውሑን ፍቕርኻ ተደሪኽካ፡ህይወትካ ስለና ስለ ዘወፈኻ ነመስግነካ ሕጂ'ውን ብዛ መዓልቲ አዚኡ ፍቕርኻ ዘገልጽ ቅዱስ ዱራር ከትስርዓልና ከሎኻ ነመስግነካ፡፡ንዓ ኣብ ኣፍደገ ልብና ቀሪብካ፡ኳሕኵሕ፡እሞ ልብና ክፈት፡፡ቃልካ ክም እንሰምዕ ግበረና፡፡ጐይታይ የሱስ ንዓ ኣብ ልብና እቶ፡፡ኣብ ቅዱስ መኣድኻ ዘካፈሉ ብቕዓት ኣጋይሽ ግበረና፡፡ ከምኡውን ኣብቲ ሰማያዊ መንግስትኻ ተኻፈልቲ አቲ ዓበይ ዱራር ግበረና፡፡ ያ ጐይታ መታን እቲ ኣባና ዘተፈጸመ ናይ ጸጋ ተግባር ንኸንቱ ከይኸውን አዚ ኹሉ ብጸጋኻ ግበረልና፡፡

ኣሜን፡፡

## ን ሕ ሙ ም ሰ ብ
## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ዎ ኹሉ ኣትኽእል ዘለኣለሣዊ ኣምላኽ፡ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ኣቲ ሓደ ኣተፍቅር ወዲኻ ሕማምናን ስቓይናን ኪካፈል ሃብካና፡፡
ጐይታ ዝጸወር ሽኽሚ ትሀበና፡ንኽንጸሮ ዓማ ተኽኣለና፡፡ ዎ ኣቦ ነዚ ሓሚሙ ዘሎ ውሉድካ ሕሰብ፡፡ በቲ ጽቡቕ ምሕረታዊ ፍቓድካ ምሐሮ፡፡ምሐራ ምሉእ ጥዕና ዓማ ሃቦ፡/ሃባ፡፡ ተመሊሱም ናባና ከም ዝመጹ ገበሮም፡፡ብስቓይ ተዛሪብካና ኢኻ፡ገንከ ከምዘይ ሓደካና ዓማ ፈለጥና፡፡ መንፈስ ሓይልን መንፈስ ምጽንናዕን፡ሃበና፡፡

ምስጋናን ክብርን፡ንኣኻን ንወዲኻን፡ንመንፈስ ቅዱስን፡ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ይኹን፡

ኣሜን፡፡

ኣብ ቀዳመይቲ ሰንበት ምምጻእ ክርስቶስ

ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ኣታ ካብ ጥንቲ ንምድሓን ህዝብኻ ዝመጻእካ ሕጂውን ናብ ቤተ ክርስትያንካ ብቓልካን ብቕዱሳት ምስጢራትካን ስለ ኣትመጸና ዘሎኻ ነመስግን።። ኣቲ ጥዑም ቃልካ ንዱኻታት ይብሰር፣ንተሰብሩ ይዝ ንን፣ንምሩኻት ሓርነት፣ንእሱራት ፍትሒ፣ንዓይነ ስውራን ምርኣይ፣ይህብ ኣሎ።።መታን ንመንግስትኻ ብዓብይ ድምጽን፣ብሕጉስ ፍቓደኛ ልብን፣ከንውድስ መንፈስ ቅዱስካ ሰደደልና።።ኣብ ቅዱሚ ዓለም ብዘ ይ ፍርሃት ክንምስክረልካን፣ክንእመነካን ሓይሊ ሃብና።።ኣብ ገዜ ምጻትካ ድልዋት ኩንና ክንጸንሕ ኣንቅሓና።። ኣብቲ ብገርማ ኣትገለጸሉ ገዜ ኣብ ቅድሚኻ ፡ ንምቛም መታን ክንክእል፣ምሳኻውን ኣብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ብሓጎስ ክንኣቱ ኣዳልወና።።

ኣሜን።።

## ድሮ ልደት

## ዚጸለ ጸሎት

ኣታ ሰማያዊ ኣቦ፡ንሓደ ወድኻ ክሳዕ ምሃብ ንዓለም ዘፍቀርካ ነመስግነካ ኣሎና፡፡ ኣብ ማእከልና ክውለድ ሓውና ከም ዝኸውን ገበርካዮ፡፡ መታን ንሕና ብህይወት ክንነብር፡ ነቲ ዘለኣለማዊ ህይወት ዝኾነ ናብና ኣውረድካዮ፡፡ ኣብዚ ድቕድቕ ጸልማት ዓለምና ብርሃን ህይወት ዘለኣለም ኣብራህካ፡፡ መታን ንሕና ሞልዱነት ክንረክብ፡ንወድኻ ኣብ መንጎና ድኻ ሰብ ኮይኑ ከም ዝውለድ ገበርካ፡፡ ጎይታና ኣምላኽና፡ንሕና ድሕነት መታን ክንረክብ፡ከመይ ዝበለ ዘገርም ጥበብን ጸጋን ኢኻ ኣተጠቕምካ ? ኣብዚ ወድኻ እተወለደሉ መብልዕ ማልኮንና፡ምስጋና ነቕርበልካ፡፡ ነዚ ድኻም ምስጋናና ስለ የሱስ ክርስቶስ ጎይታና መድሓኒና ኢልካ ተቐበል፡፡

ኣሜን፡፡

## ብ መ ዓ ል ቲ ል ደ ት

## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ኣታ ብፍቕርን ምሕረትን፡ ሃብታም ዝኾንካ፡ሰማያዊ ኣቦና፡እቲ ነቦታትና ስለ ምምጻእ ወዱኻ ዘተሰፈኻዮ ምሕረታዊ ተሰፋኻ፡ስለ ዘፈጸምካልና ነመስገን ኣሎና፡፡ ነቲ ሓደ ኣተፍቅሮ ወዱኻ ንምድሓንና፡ ኪኸውን ናብዛ ናይ ሽጋር ዓለም፡ስጋ ሰብ ለቢሱ ከም ዝወለዱ ገበርካ፡፡ ጐይታና የሱስ፡መታን ንሕና ብዱኽነትካ ከንሀብትም፡ንስኻ ሃብታም ከነስኻ ምእንታና ከትብል ደኺኻ፡፡
ንሕና ኣብ ኣቦ ውልዱነት መታን ክንረክብ፡ንስኻ ሓውና ኮንካ፡፡ ኣታ ነጸብራቕ መስሊ ክብሪ ኣምላኽ ዝኾንካ፡ብመንፈስ ንኣኻ ክንመስል፡ሓዱሰና፡፡ ኣንታ ሰማያዊ ብርሃን፡ ነዚ ጸልማት ዓለምና፡ኣብርሃያ፡፡ያ ኣቦ ዘለኣለም ህይወት ዝኾንካ፡መታን ብህይወት ክንነብር፡ካብ ህይወትካ፡ህይወት ሃበና፡፡ ኣንታ መስፍን ሰላም፡ መታን ብሰላም ክንነብር፡ ሰላምካ ኣውርደልና፡፡ ነቲ ንዘለኣለም ዚነብር መንግስቲ፡ኣቦን፡ወድን፡መንፈስ ቅዱስን፡መማሰውትን መመስገንትን ገበረና፡፡
ኣሜን፡፡

# ሓዱሽ ዓመት

## ዚጸለ ጸሎት

ዎ ኰሉ ከኣሊ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ፡መሕረት ዝመልኣካ፡ተኣማንነትካ ዘይልወጥ፡ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ብዘይ መወዓአታ ነባሪ፡ ንኣኻ ምስጋናን፡ክብርን ይኹን፡፡ በዛ ዝሓለፈት ዓመት፡ምሕረት ብዝመልኦ ምክንኻን ሰለ ዝኣለኻና፡በዛ ቀዓመይቲ መዓልቲ ሓዓስ ዓመት ምስጋና ነቕርበልካ ኣሎና፡፡ ካብ ሕጂ ንንየው ብወዱኻ የሱስ ክርስቶስ፡ዝተዋህበና በረኸት ተኻፈልቲ ግበረና፡፡
ኣብዛ ሓዓስ ዓመት ሓዱሽ ልቢ ሃበና፡፡ቅድሚ ኰሉ መንግስቲ እግዚኣብሄርን ጽድቁን ክንደሊ፡ብዱሕረኡ ዱማ ኣብ ምዱራዊ ህይወት ዘዱልየና ኰሉ ከም ዘውሰኽልና፡ክንፈልጥ ምሃረና፡፡
ዕዋና ክንጀምርን ክንውዱኣን፡ክሎና ኰሉ ብስምካ ክንገብር ሓግዘና፡፡
መንፈስ ቅዱስካ ኣብ ልዕለናን ኣብ ልዕሊ ኰሎም ቅዱስ ስምካ ዘልዕሉን ኣፍስስ፡፡

# ዓ ር ቢ  ስ ቕ ለ ት
## ዚ ጸ ለ  ጸ ሎ ት

ዎ የሱስ ገንሸል ኣምላኽ፡ሓጢኣት ዓለም ኣተ ርሒቕ፡ንኣና ንሓጢኣተኛታት ብዓብይ ፍቕሪ ስለ ኢትርኢየና ነመስግነካ ኣሎና፡፡ምእንታና ርእስኻ ኣዋረድካ፡ሞት መስቀል ተሸከምካ፡ምእንታና፡ክባዕ ሞት ተኣዘዝካ፡፡ኣበሳና ጾርካ፡ጌጋና ኣብ ነፍስኻ ጾርካ፡ምእንታና'ውን ተቐጻዕካ፡ንሕና ብሰላም መታን ክንረክብ፡ኩሉ መቕጻዕቲ ናባኻ ወረደ፡፡ንሕና ብስ ምብራትካ ሓዊና፡፡ስለ እዚ ኹሉ ስምካ ዝተባረኸ ይኹን፡፡

ነዓ ሕጂ ንሓጢኣትና ብደምካ ኣጽርዮ፡ብሰላም ደማ ሃብና፡፡ብሞትካ ንሓጢኣት ክንመውት፡መስቀል ኣል ዒልና ክንስዕበካ ሓይሊ ሃብና፡፡ምሳኻ ሕብረት ክህልወና፡ኩልና ብቲ ኽቡር ደምካ ዝተበጀና፡ ንዘለኣለም ክ ነመስግነካ ሓግዘና፡፡

ኣሜን፡፡

## ሰ ን በ ት   ት ን ሳ ኤ
## ዚ ጸ ለ   ጸ ሎ ት

ያ ኹሉ ኣትኽኣል ሰማያዊ ኣቦ፡ ኣንሆ መስዋእቲ ምስጋና ሓዚና ናባኻ ንቐርብ ኣሎና። ኣቲ ኣተፍቕሪ ወዲኻ ስለ ሓጢኣትና ሞተ፡ ስለ ጽድቕና ድማ ተንሰኤ፡ ስለ'ዚ ኹሉ ነመስግነካ ኣሎና። ያ ጐይታ የሱስ፡ ጐይታ ህይወት ዝኾንካ፡ ካብቲ ሓይሊ ትንሳኤኻ፡ ሓይሊ መንፈስ ኣካፍለና። ብሓድሽ ህይወት ክንመላለስ ርድኣና። በቲ ህይወታዊ ተስፋኻ ኣጸንዓና። ክምቲ ናብ ደቀ መዛሙርትኻ ዝመጻእካዮ፡ ናባና ድማ ንዓ እሞ፡ ሰላምካ ሃበና። ክሳዕ ኣዋን ሞት ኣብ'ዚ ሰላም'ዚ ጸኒዕና ክንነብር ሓግዘና። ኣባኻ ኣብ ጐይታ ህይወትን ሞትን ጸኒዕና ክነብር ሓግዘና።
ሕሉዋት ነፍሳትና፡ ክምቲ ክብሪ ዝመልኦ፡ ንሞት ዝሰዓረ፡ ኣካልካ ኮይኑ፡ ክትንስእ እሞ፡ ኣብ መወዓእታ ምስ ኩሎም ምእመናን፡ ናይ ዓወት መዝሙር ምስጋና ክዝምራ ኣዓልወን። ንኣኻ ንኣምላኽና፡ ክብርን ምስጋናን ይኹን። ብወዲኻ የሱስ ክርስቶስ ዓወት ስለ ዝሃብካና ነመስግን፡

ኣሜን።

# ብመዓልቲ ምራድ መንፈስ ቅዱስ
## ዚ ጸ ለ ጸ ሎ ት

ያ እግዚአብሄር ኣምላኽ፡ብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ በዓል ጰንጠቆስጠ ኣብ ልዕሊ ኣቶም ኣሙናት ህዝብኻ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዘፍሰስካ ቤተ ክርስትያንካ ደማ ኣብ ምድሪ ስለ ዘመስረትካ ነመስግነካ ኣሎና፡፡ንሕና'ውን ኣብ ቤተ ክርስትያንካ ቅቡኣት ስለ ዝገበርካና፡ነመስግን፡፡ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስን ብቓልካን፡ብቕዱሳት ምስጢራትካን፡ስለ ኣትቕዱሰና ነመስግን፡፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብናን፡ኣብ ማሕበርናን ልኣኽ፡፡ንዓ ያ መንፈስ ሓቂ ፡ነቲ ደንዓኒ ልብና ኣንቅሓዮ፡፡ሕድገት ሓጢኣትና ኣፍልጠና፡እምነት ወስኽና፡፡መታን ሃልሃል እትብል ፍቕሪ ክትህልወና፡እም ንሓዲሕድና ክንፋቐር፡ንሰባት'ውን ክነፍቅር፡መንፈሳዊ ሰላም ዘመልኦ ንብረት ክንነብር፡ሓግዘና፡፡ኣንታ መንፈስ ሓቂ ፡ብሓቅኻ ምርሓና፡፡ኣብ ዝኾነ እዋን፡ንኣኻ ዜኽብር ንስምካ ዘውድስ፡ንኣና ምድሓን ዘህብ፡ኩሉ ሰናይ ዘበለ ነገር ክንገብር ሓግዘና፡፡
ኣሜን፡፡

## ብአዋን ትህዱስቲ
## ዚጸለ ጸሎት

ዖ ኹሉ እትኽእል ንዘልኣለም ኣትነብር ኣምላኽ፡ ብዘበን ኣቦታትና፡ብርሃን ወንጌል ከበርህ ስለ ዝገበርካ ነመስግን፡፡ኩሉም ኣመንቲ ብትብዓት ኣብ ዙፋን ጸጋኻ ቀሪቦም፡ከም ዝናዘዙ ስለ ኣትገብርን፡ስለ ኣተተባብዖን ነመስግነካ፡፡ምንም እኳ ንሕና ብቑዓት እንተ ዘይኮንና፡ቃልካ ኣባና ስለ እተጸንዐ ምስጋና ንኣኻ ይኹን፡፡ዖ ኣምላኽ ነቲ ብወንጌል ዝተዋህበና፡ነጻነት መሸፈኒ ከፍኣት፡ ከይንገብሮ ደገፈና፡፡ኣታ ምሕረተኛ ካብ ኩሉ ጌጋታት ዓቅበና፡፡ቃልካን ቅዱሳት ምስጢራትካን፡ ብጽሬይ ነቶም ዚሰዕቡና፡ከም ዘውሃብ ገበር፡፡ ነቶም ሎሚ መዓልቲ ኣተኣመኑኻ፡ከምቶም ቀዳሞት ኣተኣመኑኻ እዮ ኣብ ኣገልግሎት ዚርከቡ ዘለው፡ ብሓቂ ከኣመኑኻ፡ሓይልን ምስትውዓልን፡ረኺቦምድማ መሰኻኽርካ ኮይኖም፡ነቶም ኣጸራረ ወንጌል ኣሰኔፍም፡ንኹምስክፉ፡ሓይሊ ሃቦም፡፡
ቤተ ክርስትያንካ ብሓቅን ብፍቕርን ተቖሃሂዓ ክትነብር ርዓእ፡፡ ብናትካ ሓይሊ፡ብመዓልቲ ፈተና ደው ኢልና ክንጸንዕ ሓግዘና፡፡

እንገብሮ ኩሉ ተግባራት፡ንስምካ ክብርን ምስጋናን፡ዘውህብ ኪኾነልና ብወዲኻ የሱስ ክርስቶስ ንልምን፡

ኣሜን፡፡

## ንመንእሰያት ዚጸለ
## ጸሎት

ያ ጐይታ ሰማያዊ ኣቦና፡ ነወዓትናን፡ኣዋልዶናን፡ከትባርኾም፡በታ መገዲ ህይወት ኪመላለሱ ከትመርሖም ንልምን ኣሎና፡፡ ካብ ኩሉ ክፉእ ሓልዮም፡፡ምስትውዓልን ሓይልን ካባኻ ኪቕበሉ ሓግዞም፡፡ከም ፍቓድካ፡ኣብ ትሕቲ ሕግታትካ ኪመላለሱ ርድኣዮም፡፡

ፍቕር ኣቦ፡ንደቅና ክንርሕርሓሎምን፡ክነፍቅሮምን፡ዘድልዮም ኩሉ ክንርድኦምን፡ጽቡቕ ኣብነት ክንኮኖም ሓግዘና፡፡
ኣብ መንጎና ዘይምርድዳእ ምስ ዚፍጠር፡ንደቅና ብፍቕሪ ይቕረታ ክንህብ፡ከም ብሓድሽ ደማ ብስምምዕ፡ክንመላለስ ኣዓልወና፡፡
ልዕሊ ኹሉ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ መድሓኒና ዝተዋህበ ናይ ምድሓን ተስፋ ተኻፈልቲ ክንከውን ርድኣና፡፡
ኣሜን፡፡

## ንቕልው ዝጸለ ጸሎት

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ንደቅና ከም ኣተፍቅሮም ስለ ዘገለጽካልና እናኣመስገንና፡ ስለ ደቅና ንጸሊ ኣሎና፡፡ ሰባት፡ ንደቅና ኪነጽግዎምን ካባኻ ኪርሕቕዎምን ኪፍትኑ ኸለዉ፡ ንስኻ ግና ኣብ ከንዱኹ ኣብ ሕቝፍኻ ኣንቢርካ ስለ ኣትባርኾምን፡ ተስፋ መንግስቲ ኣምላኽ ስለ ኣትህቦምን ነመስግነካ ኣሎና፡፡

ዎ ጐይታ የሱስ ከም ፍቓድካ ጌርና ንደቅና ከንኣልዮምን ክነፍቅሮምን፡ ሓግዘና፡፡ ክንከናኸኖምን፡ ክነተባብዖምን፡ ዱኣምበር ክይንዕንቅፎም፡ ሓግዘና፡፡ ተኻፈልቲ መንግስቲ ኣምላኽ ኮይኖም ንዘለኣለም ከም ዝሕጐሱ ግበሮም፡፡

ምስጋና ንኣኻ ይኹን፡ ንኹላትና ውሉድካ ጌርካ ንዘለኣለም ኣብ መንግስትኻ ከንነብር ዘገበርካና፡፡
ኣሜን፡፡

# ንማሕበር ክርስትያን ዚጸሰ
# ጸ ሎ ት

ሰማያዊ ኣቦ፡ስለ እዛ ኣብዚ ስፍራ እዚ ቀይማ ዘላ ማሕበር ንጸሊ ኣሎና፡፡ ማሕበር ቅዱሳን ክትከውን፡ብገቢኣ ድማ ቃል ወንጌል እናመሃረት፡ብዘገባእ ነቲ ቅዱሳት ሚስጢራት ክትስርዕ ሓግዛ፡፡ ነቶም ቃልካ ዚሰምዑ ህዝቢ ድማ ከም ፍቕራት ውሱድ ኮይኖም ክመላለሱ ሓግዞም፡፡

መንፈስ ቅዱስ፡እቲ መንፈስ ሓቂ፡ብብዝሒ ለግሰሎም፡፡ ስምካ ኣብ መንጎና ቅዱስ ኮይኑ ኺነብር፡ግዛኣት መንግስትኻ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ጸላእታ ክትዕወት ሓግዛ፡፡ምስሉ ዕድሚና ንቓልካ ብትግሃት ሒዝና፡ብእምነት ጸኒዕና ክንነብር ሓግዘና፡፡

ክብርን ምስጋናን፡ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ንኣኻ ይኹን፡ ኣሜን፡፡

ብግዜ ጥሜት ዚጸለ

ጸሎት

ሰማያዊ ኣቦ፡ብቲ ዓብይ ርሕራሔኻ ናብና ጠምት፡፡ በዚ ኣብ ሃገና ወሪዱ ዘሎ ጥሜት ንሰቀ ኣሎና፡፡ደቅና ጠምዮም፡ንሕና'ውን ተሓሊልና፡፡ ያ ጐይታ፡ኣንታ ፈጣሪ ኣምላኽ ብስም የሱስ ንልምን ኣሎና ንሃገርና መግቢ ሃብ፡፡ ዘኣክል መግቢ ዕለትን፡ዚስተ ማይን ሃበና፡፡ኩሉ ምስ ሃብካና ነቶም ምሳና ዘ ተሸገሩ ክንዘክሮም ሓግዘና፡፡ዘመስግን ልቢ ሃበና፡፡ንሕና ድማ ንኻልኦት መታን ክንሕግዝ ኣዓልወና፡፡

ኣቦ፡ነፍስና ናባኻ ክትጸሀብ እሞ እንጌራ ህይወት ክትምገብ ሓግዘና፡፡ ንኹሉ ድሌትና ካብቲ ፈልፋሊ ወሓዚ ህይወት ኣርውየና፡፡ ኣዚ ብስም ጐይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ንልምን ኣሎና፡፡

ኣሜን፡፡

# ብእዋን ሕማም ዚጸለ

## ጸሎት

ጐይታ የሱስ፡ ባዕልኻ፡ ''ኣቱም ኩልኹም ኣትጻዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን ንዑ ናባይ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ '' ኢልካ ኣተስፊኻና ኢኻ እሞ ናባኻ ንመጽእ ኣሎና፡፡

ጐይታይ የሱስ፡ኣነ ምግዱር ሕሙም ረዳኢትካ ዝደሊ ኣየ'ም ሓገዝኒ፡፡ኣነ ብብዙሕ ሓጢኣት ኣተመሳእኩ፡ኩሉ ጾር ሓጢኣተይ ካባይ ኣግልስ፡፡ንኣይ ዘይንጽህ፡ካብ ኩሉ ኣከይ ተግባራት ኣንጽሃኒ፡፡ንኣይ ንዕውር ብርሃንካ ኣብርሃለይ፡፡ ንኣይ ንድኻ ብኣኻ ጸግወኒ፡፡

ጐይታይ የሱስ፡ኩሉ ኣቲ ንኣይ ዝገበርካዮ ብመንፈስካ ጌርካ መሃረኒ፡፡ያ የሱስ ፍቕርኻ ደረት የብሉን፡፡ኩሉ ኣትኸ ኣል ኣምሳኽ ኢኻ'ም፡ምሓረኒ፡፡ጥዕና ሃበኒ፡፡ነዚ ወሪዱኒ ዘሎ ሕማም ክጸውር፡ደማ ሓይሊ ሃበኒ፡፡ኣቲ ንኣይ ዝጠቕም ከም ኣትገብረለይ ይኣምን እየ፡፡ ከም ፍቓድካ ይኹነለይ፡፡

ኣነ ብቲ ቅዱስ ስምካ እልምን ኣለኹ፡፡
ኣሜን፡፡

## ስለ ቤተ ክርስትያን ዚጸለ
## ጸ ሎ ት

ያ ጐይታ ሰማያዊ ኣቦ፡ኣብ ቤተ ክርስትያንካ ንዘገልገሉ ምሉእ እምነትን፡ራእይን፡ዚመልኦም ጋሁት ሃብና፡፡ንመጋቤኸ ኪኣልዎን፡ቅዱስ ቃልካ ኪሰብኩን፡ኪምህሩን፡ሓይሊ ሃቦም፡፡ ንቤትካ ዚመርሑ ሕያዋት መራሕቲ ሃበና፡፡ ካብ ትምህርቲ ክሕደት ርሒቖም፡ንክርስትያናት እናጸናንዑ፡ኣብ ኩሉን ማሕበራት ብክርስትያናዊ ህይወት ክም ዚመላለሱ ገበሮም፡፡ኣብ መንጎ ኾሎም ክርስትያናት መንፈስ ቅዱስካ ኣፍስስ፡፡ ኣብ መንጎ ኾላትና፡እቲ ፍልጠት ሓቂ ስለ የሱስ ክርስቶስ ኣስፍሕልና፡፡

ሰማያዊ ኣቦ፡ብፍቕሪ ክንወሃሃድ፡ከም ፍቓድካ ብሓቅኸ ክንመላለስ ርድኣና፡፡ ቤተ ክርስትያንካ፡ኣፍደገታት ሸኦል ክይፈርሀት ፡ክባዕ መወዓእታ ኣብ እምነትን፡ኣብ ፍቕርን፡ ክትጸንዕ ሓግዛ፡፡
ኣሜን፡፡

## ስለ ሃገር ዚጸለ

## ጸሎት

ኦ ሰማያዊ ኣቦ፡ኣብ ሃገርና ፍቕርን ሰላምን ኪሰፍን ንጸልን ንልምምንን ኣሎና፡፡እቲ ቕዱስ ስምካ ኣብ መንጎና ዝተባረኸ ይኹን፡፡ነቶም ከም ፍቓድካ ኪመርሑና ዝሃብካና መራሕትና ከንድግፎም፡ከንእዘዞም ሓግዘና፡፡ጥዕናን፡ሰላምን ሓጕስን፡ሃቦም፡፡ከምቲ ንስኻ እትደልዮ፡ኹሉ፡ቅኑዕን ሰናይን ዝኾነ ተግባር ኪገብሩ፡ሓሳቦም ናባኻ ኣዘንብል፡፡ኩሉ ተግባሮም ብቕንዕናን፡ብፍትሕን፡ኣዴልዎ ብዘየብሉ ንኹሉ ብምዕርነት ኪመርሑ፡ከአለትን ሚሳን ሃቦም፡፡

ኣታ ናይ ጥንቲ ንጉስ፡ፈጣሪ ኩሉ ዝኾንካ፡ናይ ኩሉ ገዛኢ ደማ ኢኻ እሞ፡ብየሱስ ክርስቶስ መድሓኒና፡ክብርን ምስጋናን ፅቤትን፡ካብ ሕጂ ንዘለኣለመ ኣለም ንኣኻ ይኹን፡፡ ኣሜን፡፡

## ኣብ ግዜ ውግእ ዚጸለ
## ጸ ሎ ት

ያ ኹሉ ኣትኽእል ቅዱስ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ፡ኣብ ዘዱልየ ና ኹሉ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ በይንኻ ሓይልናን፡ጸግዕናን፡፡ ዘለካለማዊ መድሓኒ፡ንልምነካ ኣሎና፡ካብዛ ናይ ሽግር ግዜ ከተድሕነና፡፡ብሰላም ንኹሉ ኣዕርፈልና፡፡ ሰማያዊ ኣቦ ምሓረ ና፡፡የሱስ ክርስቶስ መድሕን ዓለም ንዚ ከንሓልፍ ሓግዘና፡፡ መንፈስ ቅዱስ መታን ብዘይ ፍርሂ ከንሓልፍ ደገፈና፡፡

ያ ሓያል ኣምላኽ፡ንኣና ኹነ ንህዝብናን፡ሃገርናን፡ ከምኩ'ውን ንኹሉ ዓለም ዝወረደ እንተወረደ ፡በቲ ቅኑዕ መገዲ ከንሓልፍ ሓግዘና፡፡ናይ ዘለኣለም ህይወት ዶማ ኣከፍለ ና፡፡

ያ ጐይታ ሓገዝ ደቂ ሰብ ከንቱ እዩ'ምኣብ ጉዱንና ኹን፡፡ ህይወትካ ህይወትና ትኹን፡፡ ኮሉ ተሰፋና ናባኻ ጥራሕ እዩ፡፡ ብሞት ኮነ ብህይወት ምእንቲ የሱስ ክርስቶስ ኢልካ ካብ ሕቑፍኻ ኣይትፍለየና፡፡ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ምሳና ኹን፡ ኣሜን፡፡

## ብኣዋን ምስጋኑ ዚጸለ

## ጸሎት

ዎ ኾሉ ኣትኽኣል ሰማያዊ ኣቦ፡ኣምላኽ ኩሉ ፍጥረት፡ ሓቅን ቅዱስናን፡ቀቅዳሚኻ ዘኸይዱ፡ንስኻ ጥራሕ ኢኻ፡፡

ንኣገልግሎትካ ዘይንበቅዕ ከነስና፡ምእንቲ ሓቅን፡ምእንቲ ምስክርነትካ ከንስቀ ሶለ ዝገበርካና፡ነመስግነካ ኣሎና፡፡

ዎ ኣቦና፡ትሑታትን፡ሓቀኛታትን፡ሀዱኣትን ኩንና፡ነቲ ዝወርደና፡ኾሉ ፈተና፡ብትዕግስቲ፡ንምጻሩ መታን ክንክእል፡ ብኣኡ ድማ ስምካ መታን ክምስገን፡ንሕና ድማ በረኸት መታን ክንረክብ፡ኩሉ ከተኽእለና ናባኻ ንምዕቃብ ኣሎና፡፡

ንኣኻ ኣንታ ሓቀኛን፡ኣሙንን፡ኣምላኽና፡ብቓል ይኹን ብተግባር እንገብሮ ኾሉ፡ኣብ ቅድሚኻ መስዋእቲ ምስጋና ዜፍስስ፡ልቦና ሃበና፡፡
በቲ ሰማያዊ ሊቀ ካህንና፡ዝኾነ ብየሱስ ክርስቶስ፡ዝተዋህበና በረኸት ነመስግን ኣሎና፡፡
ኣሜን፡፡

## ኣብ ጣዕረ ሞት ዝጸለ
## ጸሎት

ሰማያዊ ኣቦይ፡ኣብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡መዕቆብን፡ መጸናናዕን ኣምላኽ፡ ኣባኻ ኣምዕቆብ ኣለኹ፡፡

ንፍቕር ወዲኻ የሱስ ክርስቶስ ስለ ዝገለጽካለይ ደማ ኣመስግነካ፡ብስሙ ኣኣምን፡ብስሙ ደማ ክናዘዝ እየ፡፡ንእኡ ንበይኑ የፍቅሮን፡የመስግኖን፡የኽብሮን፡ብግዜ ሞተይ ነታ ሕልልቲ ነፍሰይ ኣብ ኢዱ የማዕቁባ ኣለኹ፡፡

ያ ሰማያዊ ኣቦ፡ካብ ምድራዊት ህይወት ምስ ተፈሌኹ ምሳኻ ክም ዝነበር ካብ ኢደኻ ዘምንዝዓኒ ከምዘየልቦ ኣኣምን እየ፡፡ ንስኻ ንሓደ ወዲኻ ክሳዕ ኣትህብ ክሳዕ ክንደዚ ንዓለም ኣፍቂርካያ ኢኻ፡፡ እዚ ደማ ኣነ ናይ ዘለኣለም ህይወት መታን ክወርስ ገበርካዮ፡፡ እዚ እሙን ቃል እዩ፡፡
ኣሜን፡፡